# ሓረግ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ፥ ኣዋድዳኡን ረብሓኡን[1]

**ታደሰ ሃይለማርያም ማሞ[2]**


## ማራ መፅናዕቲ

*ጠመተ እዚ ፅሑፍ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ተለላታት ብብልሓት ንኽንበቡ ካብ ዝገብሩ ኣዋድዳታት ኣብ ኵነታት ሓረጋት ምዝታይ እዩ። ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣብ ኵነታት ሓረጋት ግጥሚ ቋንቋ ትግርኛ ጠሚቱ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ብዘይምህላዉ እዚ ፅሑፍ ነቲ ብልምዲ ወይ ብይኸውን ክግለፅ ዝፀንሐ ዛዕባ ኣልዒሉ ኣብ ምዝታይን ኣብ ምንፃርን ፈላማይ እዩ። ብምዃኑ፣ እዚ ፅሑፍ ኣብ እንታይነት፣ ረብሓን ኣዋድዳን ሓረጋት ግጥሚ ቋንቋ ትግርኛ ዘልዕሎም ሓሳባት ኣብቲ ጥበብ ጠቓሚ እታዎት ዝህብ ይኸውን። ኣብዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ከም ዕላማ ተገይሮም ካብ ዝተትሓዙ ሓሳባት፥ ግጥሚታት ቋንቋ ትግርኛ ከመይ ዝበሉ ኣዋድዳታት እንተርእዩ ሓረጋት ከም ዝፍጠሩ ምፍታሽ፣ እቶም ሓረጋት ዝህሉዎም ግጥሚታት ኣብ ተለላታቶም ዘተኣናግዱዎም በዝሒ ሓረጋት ክንደይ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ምግምጋም፣ ተለላታት ብሓረጋት ንኽምቀሉ ዝገብሩ ረቛሒታት እንታይ እንታይ ምዃኖም ምዝርዛርን ነቶም ኣብ ልምዲ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ክሳብ ሐዚ ብዛዕባ ሓረጋት ግጥሚ ዝንገሩ ቁም ነገራት ጭቡጥነቶም እንታይ ከም ዝመስል ብምርግጋፅ ኵነታት ተቐባልነቶም ምንፃርን እዩ። ነዞም ዕላማታት ንምዕዋት ግጥሚታት ብዕሉም ሜላ ተሓርዮምን ፈተሽ ኣዋድዳ ሓረግ ተኻዪዱሎምን እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ተለላን ሓረግን ማዕረ ስለ ዘይኮኑ በዓል ሓደ ሓረግ ዝበሃል ኣዋድዳ ተለላ ኣይርከብን። ብኻሊእ ገፅ፣ ኣብ ተለላ ክርከቡ ዝኽእሉ በዝሒ ሓረጋት ኣቐዲምካ ብቑፅሪ ከም ዘይንፀርን ካብ ተለላ ናብ ተለላ ኢሉ እውን ካብ ግጥሚ ናብ ግጥሚ ክፈላለይ ከም ዝኽእልን ዘርእይ ውኢት ተረኺቡ እዩ።*


**ቁልፊ ቃላት**፡- ስነ ግጥሚ፣ ተለላ፣ ሓረግ፣ መዓፅፍ ተለላ፣ ኣናብባ ግጥሚ፣ ቅርፂ ግጥሚ፣ ኣመቓቕላ ሓረግ

## ሓተታ መፅናዕቲ

ግጥሚ፣ ከም ሓደ ዓይነት ሜላ ኣጠቓቕማ ቋንቋ፣ ኣብ ቋንቋታት ዝርከብ ጥበብ እዩ (ፐርኒ 2002፣ ፋብን ሞሪስን 2008)። ግጥሚ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ህይወት ከልዕልን ከቕርብን ስለ ዝኽእል ሰባት ኣብ ዝነጥፉሎም ዓውዲታት ዝተሰምያምን ዝተዓዘቡዎን ዛዕባ(ታት) ይገልፅሉ። ሰባት ነቶም ኣብ ግጥሚ ዘልዕሉዎም ወይ ብግጥሚ ዝገልፁዎም ዛዕባታት ውልቃዊነቶም ብዘንፀባርቑ ብልሓታት ስለ ዘዋድዱዎም ዝተፈላለየ ቅርፂ ኪነታዊነት ግጥሚታት ይፍጠር።

ግጥሚታት ልሙድ ብዝኾነ ኣገባብ እንትዋደዱ ብተለላታት ይቐርቡ (ሞክ 1998፣ ሌናርድ 2005፣ ፋብን ሞሪስን 2008)። ኣብ ተለላታት ኩሎም እቶም ኪነታዊነት ግጥሚ ዘንፀባርቑ ቅርፂታት ይዋደዱ። ኣዋድዳ ተለላታት ነቶም ቀለም፣ ሓረግ፣ ቤትን ብርኪን ዝበሃሉ ቅርፃዊ ባእታታት ከከም ኩነታቶም ክፍጠሩ ይገብር። ነብሲወከፍ እቶም ኣብ ተለላታት ዝፍጠሩ ቅርፃዊ ባእታታት ብብልሓት እንትንበቡ ድማ ዛዕባ ግጥሚ ወይ ኣቀራርባኡ ንኽደምቕን ንኽረዳድእን ዓርሳዊ ብፅሒት ይህሉዎም። ተለላ፣ ሓደ ባዕሉ ዝኽኣለ ባእታ ቅርፂ

[1] ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓዲ ግራት፣ ኣብ ካልኣይ ዋዕላ ህልዊ ኩነታትን ዕብየትን ቋንቋ፣ 17-18 ሰነ፣ 2008 ዓ.ም ዝቐረበ

[2] Assistant Prof. in Literature, Dep't of Tigrigna, College of Social Sciences and Languages, Mekelle University, email: tadhama@gmail.com

ግጥሚ እዩ። እዚ ባእታ፣ ሓደ ቃል ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቃላት ተሰሪዖም ይፈጥሩዎ። ትሕዝቶ ሓደ ተለላ፣ ምሉእ ሓሳብ ክኸውን ግድን ስለ ዘይኮነ ኣብ ተለላ ሓደ ምሉእ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ቅርፂ ክህሉው ወይ ዘይክህሉው ይኽእል (ዎልስኪ 2001)።

ኣብ ተለላታት፣ መብዛሕትኡ ግዘ ብምልክታት ስርዓተ ነጥቢ ዝፍለዩ፣ ስነ መዋቕራዊ ደውታታት እንትርከቡ ሓልሓሊፉ ድማ ስነ መዋቕራዊ ደውታ ዘይርከበሉ ኩነታት የጋጥም እዩ። እዚ ድማ ኣናብባ ተለላታት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ንክኸውን ይፀሉው። ብመሰረት እዚ፣ ተለላታት እንትንበቡ ኣብ ማእኸሎም ደውታ ንኽፍጠር ዘገድድ ስነ መዋቕራዊ ቅርፂ ክህሉዎም ወይ ዘይክህሉዎም ይኽእል። እቶም ኣብ ተለላታት ዝዋደዱ ኣገደድቲ ደውታታት ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ ኣዋድዳታት ክፍጠሩ ይገብሩ። ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣብ ውሽጢ ተለላ ብዘይ ደውታ ዝንበብ ውህደት ድምፂታት ሓረግ ይበሃል (ዳንኤል 1998)። ሓረግ፣ ኩነታት ኣናብባ ተለላታት (ብሓፈሻ ግጥሚታት) ዝመርሕን ዝገርሕን መዋቕራዊ ባእታ እዩ። እዚ ባእታ ኣብ ከይዲ ምንባብ ተለላታት ክፍጠር ዝኽእል (ወይ ዝፍጠር ዋሕዚ) ፍሰትን ደውታን ድምፂታት ይመርሕ። እዚ ድማ ከይዲ ምንባብ ተለላታት (ግጥሚታት) ዝርርብ ንኽመስል ይሕግዝ።

ግጥሚታት ኣብ ባዕሎም ተዛራባይ ኣካል (ኣምሳለ ሰብ) ይሕዙ (ዋላስን ባዮስን 2000፣ ቲምፓንን ዋትን 2001)። ኣዘራርባ እዚ ኣምሳለ ሰብ ምስ ዛዕባ ግጥሚ ወይ ዝተዋደደሉ ኣገባብ ክሳነይ ይድለይ። ዛዕባ ግጥሚ ወይ ዝተዋደደሉ ኣገባብ ኣየኖት ውህደት ድምፂታት ወይ ቃላት ብሓደ ትንፋስ ክዝረቡ ከም ዘለዎም ይውስን። እቲ ኣምሳለ ሰብ ድማ ነዚ ኩነታት እናተጠቐመ ነቲ ግጥማዊ ዛዕባ ወይ ኣቀራርባኡ ይዛረብ። እቲ ኣምሳለ ሰብ ኣብ ማእኸል ተለላታት ደው እናበለ ኣብ ዝዛረበሎም እዋናት ግጥማዊ ሓረጋት ይርከቡ፤ ኣብ ማእኸል ተለላታት ደው እንተይበለ እንትዛረብ ድማ ኣብ ተለላታት ግጥማዊ ሓረጋት ኣይርከቡን።

ግጥሚታት ብሃበ ተረኸበ ዘይዋደዱ ኪነታዊ ኣገላልፃታት ብምዃኖም እቶም ብሜላ ኣብ ተለላታት ዝተዋደዱ ባእታታት ብልሓታዊ ኣናብባ ይጠልቡ። ሰባት ግጥሚ እንተንብቡ ኩነታት እቲ ተዛራባይ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል ምስቲ ግጥማዊ ዛዕባ ወይ ኣዋድዳኡ እናሓሰቡን እናገምገሙን ከምቲ ተዛራባይ ኮይኖም ወይ ነቲ ተዛራባይ መሲሎም ነቶም ተለላታት ከንብቡ ትፅቢት ይግበር። ከምዚ ዝበለ ትፅቢት ዝፍጠር ድማ ሕድሕድ ተለላ ነናይ ባዕሉ ሜላ ኣናብባ፣ ማለት ከከም ኩነታቱ ደውታ ብዘተኣናግድ ወይ ብዘየተኣናግድ ብልሓት፣ ስለ ዝደልይ እዩ። ካብዚ ዝተለዓለ፣ ግቡእ ዝኾነ ሜላ ኣናብባ ተለላታት ግጥሚ ብድልየት ወይ ፍቓድ ኣንባቢ ዘይፍጠር ኪነታዊ ኣዋድዳ ይኸውን።

እዚ መፅናዕቲ፣ ኣብ ግጥሚታት ቋንቋ ትግርኛ ተለላታት ብብልሓት ንኽንበቡ ካብ ዝገብሩ ባእታታት ኣብ ኩነታት ኣዋድዳን ረብሓን ሓረግ የድህብ። በዚ ድማ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ፣ “ተለላ ግጥሚ ኣብ ሓደ፣ ክልተ ወይ ሰለስተ ሓረጋት ይምቀል” (ዳንኤል 1998) እናተብሃለ ብልምዲ ዝግለፅ ሓሳብ ብተግባር እንታይ ከም ዝመስል ይግምግም። ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣብ ሓረጋት ግጥሚ ጠሚቱ

ዝተኻየደ መፅናዕቲ ስለ ዘይነበረ፣ እዚ ፅሑፍ ነቲ ብልምዲ ወይ ብይመስለኒ ዝግለፅ ዛዕባ ኣልዒሉ ኣብ ምዝታይ ፈላማይ እዩ። ኩነታት ሓረግ ግጥሚ ጠሚቱ ኣብ ካልኦት ቋንቋታት፣ ንኣብነት ኣብ እንግሊዝኛ፣ ዝተኻየዱ ዝርዝር መፅናዕቲ ኣለዉ (ብሮጋንን ሃርትን 2012)። እዚ መፅናዕቲ ኣብ እንታይነት፣ ኣዋድዳን ረብሓን ግጥማዊ ሓረግ ቋንቋ ትግርኛ ዘልዕሎም ሓሳባት ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ጠቓሚ እታዎት እዩ።

## ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣዋድዳን ረብሓን ግጥማዊ ሓረግ እንታይ ከም ዝመስል ይድህስስ።

ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ድማ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ዕላማታት ይሕዝ፦

- እንታይነት ግጥማዊ ሓረግ ምንፃር፣
- ኣዋድዳ ግጥማዊ ሓረግ ምፍታሽ፣
- ሜላ ኣመቓቕላ ግጥማዊ ሓረግ ምንፃር፣
- ኣብ ተለላታት ዝርከቡ በዝሒ ሓረጋት ምፍላይ፣
- ሓረግ፣ ኣብ ምንባብ ግጥሚታት ዝህቦም ሓገዛት ምዝርዛር፣

## ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ፥ ግጥሚታት ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ተለላታቶም ከመይ ዝበሉ ኣዋድዳታት እንተርእዩ ሓረጋት ከም ዝፍጠሩ ብምፍታሽ እቶም ሓረጋት ኣብቶም ተለላታት (ብሓፈሻ ድማ ኣብ ግጥሚታት) ዝህቡዎም ረብሓታት ገምጊሙ እዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ እቶም ተለላታት ናብ ሓረጋት ክምቀሉ ዝገብሩ ክልሰ ሓሳባዊ ረቛሒታት ተዘርዚሮም እዮም። እዞም ረቛሒታት ምስቶም ኣብ ልምዲ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ብዛዕባ ሓረግ ዝፍለጡ ሓሳባት እናተነፃፀሩ ኣብቶም ዝተመረፁ ግጥሚታት ተግባራዊ ገምጋም ተኻዪዱ እዩ። ብመሰረት ውፅኢት እቲ ገምጋም፣ ኣብ ኩነታት ተቐባልነቶም ርኢቶ ተዋሂቡ እዩ።

ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ፣ ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ከም ዝህብ ይእመን። ብሓደ ገፅ፣ ኣንበብቲ ነቶም ካብ ኩነታት ኣዋድዳ ተለላታት ተላዒሎም ዝፍጠሩ ግጥማዊ ሓረጋት እናፈለዩ ምስ ዛዕባ ወይ ኣቀራርባ ግጥሚታት ብዝሳነይ ብልሓት ግጥሚታት ንኸንብቡ ይሕግዝ። ነቶም ተለላታት ብብልሓት እንተንብቡ ድማ ዛዕባ ወይ ኣቀራርባ እቲ ግጥሚ ብትኽክል ንኸስተማቕሩን ኣዋድድኡ ከድንቑን ይኽእሉ።

ብኻሊእ ገፅ፣ ገጠምቲ ኣብ ዘዋድዱዎም ዝተፈላለዩ ተለላታት ምስቲ ዘልዕሉዎ ዛዕባ ወይ ዝመረፁዎ ኣቀራርባ ተዛሚዶም ነቶም ሓረጋት ክፍጠሩን ከይፍጠሩን ዝገብሩ ብልሓታት ክፈልዩ ይሕግዝ። እዚ ድማ

ሕድሕድ እቶም ኣብ ስራሕቶም ዘልዕሉዎም ዛዕባታት ወይ ዝመርፁዎም ኣቀራርባታት ዓርሳዊ ብልሓት ከም ዘድልዮም ክግንዘቡ ይገብሮም። ነቲ ዛዕባ ወይ ዝመረፅሉ ሜላ ኣቀራርባ ኣብ ሕድሕድ ተለላ ብዘዋድዱዎም ሓረጋት ዘብልፅሉ ኪነታዊነት ከተኣታትዉን ኣንበብቶም ከሐጉሱን የለዓዕሎም።

ተምሃሮ ስነ ፅሑፍ፣ ብፍላይ ድማ ስነ ግጥሚ፣ ኣብ ኩነታት ኪነታዊ ኣዋድዳ ግጥሚታት ብዝበለፀ ድማ ተለላታት ኣብ ምፍጣር ሓረጋት ዝህሉዎም ግደ ክፈልዩ ይሕግዝ። ግጥማዊ ሓረግ፣ ካብ ኪነታዊ ኣዋድዳ ተለላታት ክፍጠርን ከይፍጠርን ዝኽእል ቅርፃዊ ባእታ ከም ዝኾነ ክርድኡ ይገብር። ነዚ ቁም ነገር ድማ ኣብቶም ካልኦት ባእታታት ቅርፂ ግጥሚ ኣድሂቦም ከካይዱዎም ዝደልዩ መፅናዕቲታት መበገሲን ተወሳኺ እታዎትን ክገብሩዎ ይኽእሉ።

### ደረት መፅናዕቲ

ግጥሚ ብኣንደበት ሰባት ንኽንበብ ብብልሓት ዝፀሓፍ ኪነታዊ ኣዋድዳ እዩ። ኣብ ኣዋድዳ ግጥሚ፣ ነናይ ባዕሎም ረብሓ ዝህቡ ዝተፈላለዩ ቅርፃዊ ባእታታት ይርከቡ። ካብቶም ግጥሚ ዘዋድዱ ቅርፃዊ ባእታታት ሓረግ ሓደ እዩ። ሓረግ፣ ኣብ ውሽጢ ተለላ ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ ውህደት ድምፂታት ብምኟኑ ግጥሚታት ብትኽክል ክንበቡ ኣብ ምግባር ኣድላዪ እዩ። እዚ መፅናዕቲ፣ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣዋድዳን ረብሓን ሓረግ እንታይ ከም ዝመስል ኣብ ምንፃር ጠመተ ይህብ። ኣብዚ መፅናዕቲ፣ ብሓደ ገፅ፣ ኣብ ኣዋድዳ ግጥሚ ሓረግ ዝፍጠረሎም ኣገባባት ተፈቲሹ እዩ፤ ብኻሊእ ገፅ ድማ፣ እዚ ባእታ ኣብ ኩነታት ኣናብባ ግጥሚታት ዝምርሐሎም መንገዲታትን ዝፈጥሮም ምርድዳኣትን እውን ተላዒሉ እዩ። ብመሰረት እዚ፣ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ልምዲ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ብዛዕባ ሓረግ እንታይ ከም ዝበሃል፣ ኩነታት ኣዋድዳ ሓረግ እንታይ ከም ዝመስልን ኣብ ምንባብ ግጥሚታት ዝህቦም ረብሓታትን ኣብ ዝተሓረዩ መርኣያ ግጥሚታት ቋንቋ ትግርኛ ዳህሲሱ እዩ።

### ሜላ መፅናዕቲ

እዚ ብዓይነታዊ ሜላ ዝተዋደደን ዝቐረበን ገላፂ መፅናዕቲ እዩ። ኣብ ምውዳድ ዛዕባ እዚ መፅናዕቲ፣ ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ተነቢቦምን ተዳህሲሶምን እዮም። ካብቶም መፃሕፍቲ ድማ ኣዋድዳን ረብሓን ግጥማዊ ሓረግ ንምግምጋም ዝሕግዝ ክልሰ ሓሳባዊ መስርሕ ተዳልዩ እዩ።

ብመሰረት እቲ ዝተሰናድአ ክልሰ ሓሳባዊ መስርሕ ድማ ግጥማዊ ሓረግ ዝዋደደሎምን ዝህቦምን ረብሓታት ኣብ ግጥሚታት ብምፍታሽ ገላፂ ዝኾነ ገምጋማዊ ትንተና ተዋሂቡ እዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ ብዛዕባ ኣዋድዳን ረብሓን ሓረግ ንምግምጋም ኣብ ዝተፈላለዩ መድብል ግጥሚታት ዝርከቡ ብዙሓት ግጥሚታት ተዳህሲሶም እዮም። ካብቶም ብዙሓት ግጥሚታት ድማ እቶም መርኣያ ብሉፅ ኩነታት ኣዋድዳን ረብሓን ግጥማዊ ሓረግ ዘርእዩ ኣርባዕተ ግጥሚታት ዕሉም ብዝኾነ ሜላ ተመሪፆምን ተፀኒዮምን እዮም።

## ዳህሳስ ተዛመድቲ ድርሳናት

### እንታይነት ሓረግ

ሓረግ፣ ኣብ ተለላታት ዝዋቐር ባእታ ግጥሚ ኮይኑ ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ (ወይ ዝበሃሉ) ውህደት ድምፂታት ይገልፅ (ዳንኤል 1998፣ ብርሃኑ 1999)። እዚ ባእታ፣ ኣብ ማእኸል ተለላታት ብዝቐርቡ ኣገደድቲ መዋቕራዊ ደውታታት ይፍጠር (እኒ ፐሬሚንገር 1993፣ ኬነዲ 2006፣ ዊልያምስ 2013)። እቶም ኣብ ውሽጢ ተለላታት ዘጋጥሙ ደውታታት ነቶም ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ ውህደት ድምፂታት ይፈጥሩ። ኣብ ተለላታት ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ ውህደት ድምፂታት እንትርከቡ እቶም ተለላታት ብዝተመቓቐለ ኣገባብ ክንበቡ ይገብሩ።

ግጥሚታት ከከም ዛዕባኦም ብዙሕ ዓይነት ኣዋድዳ ተለላታት ስለ ዝህሉዎም ኣብ ተለላታት ዝተፈላለየ ዓይነት ኣቀራርባ ብሓደ ትንፋስ ክንበቡ ዝድለዩ ውህደት ድምፂታት (ሓረጋት) ክፍጠሩ ይኽእሉ። ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ፣ ኣብ ውሽጢ ተለላታት ብኣገዳድነት ኣዋቐርቲ ምውዳዳት ዝፍጠሩ ተደመፅቲ ደውታታት ንምምልካት (ኬነዲ 2006፣ ዊልያምስ ዝኒከማሁ)፣ ክልተ ተቐራረቦም ዝመፅኡ ትኹል ሕንፃፃት ("||") ኣብ ረብሓ ይውዕሉ። ብዛዕባ ግጥማዊ ሓረጋት ትንታነ እንትወሃብ፣ እቶም ሕንፃፃት ሓረጋት ዝፍጠሩሎም ደውታታት የርእዩ።

### ሓረግን ተለላን

ተለላ፣ ሓደ ቃል ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቃላት ኣብ ሓደ መስመር ተሰሪዖም ዝፈጥሩዎ ቅርፂ ግጥሚ እዩ። ተለላታት ከም ሓደ መስመር ግጥሚ ተገይሮም እኳ እንተተጠቐሱ፣ ተመቓቒሎም ዝመፅኡሎም ኩነታት እውን ይርከብ እዩ (ሌናርድ ዝኒከማሁ)። እቶም ምቃል ተለላታት ዝህሉዎም ምርኢተ-ፅሑፍ ድማ ምቃላት ምኧኖም ንምምልኻት፣ መብዛሕትኡ ግዘ፣ ኣብቲ መፅሓፊ ቦታ እትው ኢሎም ይወሃቡ።

ተለላ፣ ኣብ ግጥሚ ዘይተርፍ ቅርፃዊ ባእታ ብምኧኑ ካልኦት ባእታታት ንኽፍጠሩ ወሳኒ ግደ ኣለዎ (ቡጌጃ 1994፣ ሎንግባንች 2008)። ግጥሚ፣ ብተለላታት እንትዋደድ ፃዕቒ ሓሳባት ንኽህሉው፣ ዓቕሚ ምቁፅፃር ስምዒት ንኽውስኽን ቅርፃዊ መዋቕር ንኽፍጠርን ዋሕዚ ሓሳባት ወይ ዝተወጠነ ስምዒት ክመቓቐል ይግበር። ኣብዘም ምምቕቓላት ብዝፍጠሩ ቅርፂታት ድማ ሓረጋት ክርከቡ ይኽእሉ።

ተለላታት ኣብ ማእኸሎም ደውታ ብዝፈጥርን ብዘይፈጥርን ኣገባብ ክዋደዱ ስለ ዝኽእሉ እንትንበቡ ፍሰቱ ዕላብ ዘይረኸበ፣ ዘይተመልአ፣ ዝተነከየ ዋሕዚ ሓሳብ ዘጋጥመሎም ኩነታት ይርከብ እዩ ። ብኻሊእ ገፅ፣ ኣብ ውልቀ ተለላታት ዝተዛዘመ ፍሰት ሓሳብ ዝርከበሉ ኩነታት እውን ይህሉው እዩ (ሎንግባንች ዝኒከማሁ)። ብመሰረት እዚ፣ ኣብ ተለላታት ዝተኣናገድ ፍሰት ሓሳብ ብድልየት ገጣሚ ይቃነይን ብግጥማዊ ዛዕባ ይፅለውን እዩ።

ኣብ ግጥሚ ዝርከቡ ተለላታት ባዕላዊን ዓንዳዊን ዝምድናታት የድልዮም እዩ። ባዕላዊ ዝምድና (ወርዳዊ እውን ክንብሎ ንኽእል) እቶም ንፅል ተለላ ዘዋቕሩ ኣካላት፥ ድምፂታት፣ ቃላት፣ ሓረጋት፥ ዝፈጥሩዎ ርክብ እዩ። እዞም ኣዋቕርቲ ኣካላት ኣብ ተለላ ንዝቖርብ ዛዕባ ወይ ስምዒት ንምንፃር ክደጋገፉ ይድለዩ። እዚ ድማ ነቶም ተለላ ዘዋቕሩ ኣካላት (ብሓባር ኣብቲ ተለላ ኮይኖም) ሓደ ቁም ነገር ክፈጥሩ ይገብሮም።

እቶም ኣብ ነብሲወከፍ ተለላ ዝርከቡ ኣዋቕርቲ ብዝፈጠሩዎ ዝምድና ናብቲ ምሉእ ግጥሚ ዝለግብ ዛዕባ ከምፅኡን ከግዝፉን ይድለዩ እዮም። ተለላታት ተደሚሮም ኣብ ሓደ ዛዕባ ወይ ስምዒት ዘድህብ ግጥሚ እንትፈጥሩ፣ ነቲ ብሓባር ዘልዕሉዎ ዛዕባ ወይ ስምዒት ኣብ ምምፃእን ኣብ ምድማቕን ክተሓሓዙ ዝገብሮም ሓበራዊ ዝምድና የድልዮም እዩ። ተለላታት ዝፈጥሩዎ ሓበራዊ ረኽቢ ድማ፣ ዓንዳዊ ዝምድና ይበሃል። ዓንዳዊ ዝምድና ቀድም ሰዓብ እቶም ግጥሚ ዘዋቕሩ ተለላታት ካብ መጀመርታ፣ ማእኸል ኢሉ እውን መወዳእታ ዝመፅእሉን ዝዋደድሉን ኩነታት የርእይ።

**መዓፅፍ ተለላታት**

ተለላታት (መብዛሕትኡ ግዘ) ቅድሚ የማናይ ሕዳግ ናይ ሓደ መፅሓፊ ገፅ (ቦታ) ደው ስለ ዝብሉ መዓፅፍ-ተለላታት ግጥሚ ካብ ካልኦት ፅሑፋት ክፍለይ ይገብሩ። ተለላታት፣ ከም ባእታ ግጥሚ፣ ካብ ሰዋስዋዊ ስርዓት ብዝፍለይን በቲ ስርዓት ብዘይዳነን መልክዑ ብምውዳድ፣ ግጥሚ ብኽፋላት የምፅእዎ። መዓፅፍ-ተለላታት ነቶም ኣብ ግጥሚታት ዝርከቡ ተለላታት ዝጅምርሉን ዝውድእሉን ኩነታት የርእይ። መዓፅፍ-ተለላታት ምስ ነብሲወከፍ ግጥሚ ዝሳነየሉ ባዕላዊ ምኽንያት ክህሉዎ ይድለይ።

መዓፅፍ-ተለላታት ክፉታትን ዕፁዋትን ዝበሃሉ ተለላታ ይፈጥር (ቡጌጃ 1994፣ ዎልስኪ 2001፣ ሌናርድ 2005)። ክፉታት ተለላታት ኣብ ባዕልቶም ዘይዛዘም ሓሳብ ወይ ስምዒት ይሕዙ። እዞም ተለላታት ዝጀመሩዎ ፍሰት ሓሳብ ወይ ስምዒት ዕላብ ክሳብ ዝረክብ “ካብኡ ኸ?”፣ “ብድሕሪኡ ኸ?”፣ እሞ እንታይ?” ... ብምባል ብናህሪ ንኽንበቡ ይዕድሙ። ዕፁዋት ዝበሃሉ ተለላታት ድማ ኣብ ባዕልቶም ዝዛዘም ወይ ዕላብ ዝረክብ ፍሰት ሓሳብ ወይ ስምዒት ይሕዙ። ኣብ መወዳእታ እዞም ተለላታት ዓፀውቲ ምልክታት (ስርዓተ ነጥቢ) ክሕዙ ትፅቢት እኳ እንተተገበረ ንዕፁውነቶም ግና መርትዖ ኣይኾኑን። ገጠምቲ፣ ብመሰል ገጣሚነት ዝኾነ ምልክት ስርዓተ ነጥቢ እንተይተጠቐሙ ክፅሕፉ ይኽእሉ እዮም። እዞም ተለላታት ምሉእ መልእኽቲ ወይ ስምዒታዊ ሓሳብ ስለ ዝሕዙ እንትንበቡ፣ ኣብ መወዳእታኦም ሕልፈ ደውታ ንኽፍጠር ይዕድሙ። ኣናብባ ብዕፁዋት ተለላታት ዝዋደዱ ግጥሚታት ዝተቖራረፀ ወይ ብዙሕ ደውታ ይህሉዎ። ካብዚ ዝተለዓለ፣ መዓፅፍ ተለላታት፣ ከም ቅርፃዊ መዋቕር፣ ግጥሚታት እንትነንብብ ደው ክነብልን ክንቅፅልን ዝመርሕ ኣዋዳድ ይኸውን።

## ሓረግን ኣናብባ ግጥሚታትን

ሰባት ግጥሚ እንተንብቡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ግጥሚ ዝርከብ ኣምሳለ ሰብ ክመስሉ ወይ ክትክኡ ይድለዩ። ኣንበብቲ ናይቲ ኣምሳለ ሰብ ኣዘራርባ ብትኽክል ንኽጥቀሙ ኣየኖት ውህደት ድምፂታት ወይ ቃላት ወይ ተለላታት ብሓደ ትንፋስ ከም ዝበሃሉ ክፈልዩ ይድለዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ከንብቡ እንተኽኢሎም ድማ ነቲ ዘዕባ ሒዞም ኣብ መድረኽ ዝዋስኡ ዘለዉ የምስሎም።

ግጥሚ ኪነታዊ ኣገላልፃ ብምዃኑ ኪነታዊነት ዝተላበሰ ብልሓት ኣናብባ ይጠልብ (ሞክ 1998)። ኩነታት ተለላን ኣብ ተለላ ዝዋደዱ ባእታታትን ብልሓታዊ ሜላ ኣናብባ ክፍጠር ይገብሩ። መዓፀፍ-ተለላታት ሓደ ባዕሉ ዝኸኣለ ብናህሪ ወይ/ከምኡ እውን ብህድኣት ንኽንበቡ ዝገብር ቅርፂ እዩ።

## ኣመቓቕላ ሓረግ ኣብ ተለላታት

ተለላታት ዘዋድዱ ቃላት እንትበሃሉ (እንትንበቡ) ኣብ ማእኸሎም ደውታታት ንኽህልዉ ዘገድዱን ሓረጋት ንኽፍጠሩ ዝመርሑን ረቛሒታት ኣለዉ። እዘም ሓረጋት ክፍጠሩ ዝገብሩ ረቛሒታት ምስ ምንባብ ነብሲወከፍ ተለላ ይተሓሓዙ (ብርሃኑ 1999፣ ኬነዲ 2006፣ እኒ ፐሬሚንገር 1993)። እቶም ደውታ ክፍጠር ዘገድዱ ረቛሒታት ድማ፣ (ሀ) ገደብ ትንፋስ ዝፈጥሮ ደውታ፣ (ለ) ዘቑፀልፀል ትኹረት ንምሃብ ዝፍጠር ደውታ፣ (ሐ) ፅልዋ ኣዘራርባ ብዝወስዶ እዋን ዝፍጠር ደውታን (መ) ኣብ ግጥሚ ዝዛረቡ ኣምሳለ ሰባት እንትፈላለዩ ዝርከብ ደውታን እዮም።

ሀ. ገደብ ትንፋስ ዝፈጥሮ ደውታ

ተለላታት ዘዋድዱ ቃላት ብሓደ ትንፋስ ዘይንበቡሎም እዋናት ይርከቡ እዮም። ቃላት ብሓንሳብ እንተዘይተባሂሎም ኣብ ማእኸሎም ኣገደድቲ ደውታታት ይፍጠሩን ኣንባቢ ትንፋስ ንኽእክብ ዝሕግዝ ኩነታት ይርከብን። ነቶም ቃላት ብሓደ ትንፋስ እንትንብሎም ዘጋጥሙ ትንፋሳዊ ገደባት ድማ ደውታታት ንኽርከቡ የገድዱን ሓረጋት ይፍጠሩን።

ኣብ ተለላታት ብገደብ ትንፋስ ዝፍጠሩ ደውታታት ብዓይነት ቃላት ይፅለዉ እዮም። ቃላት ብመሰረት ዝህቡዎም ረብሓታት ወይ ብዘመልክቱዎም ዓቕሚታት፣ ትሕዝቶኣዊን ሰዋስዋዊን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይውገኑ። እዘም ቃላት ኣብ ምፍጣር ትንፋሳዊ ገደባት ይፈላለዩ እዮም።

ትሕዝቶ ዘመልክቱ ቃላት፣ ኣብ ሓደ ሪጋ እንትወሃሃዱ ብዓቕሚ ዝገልፁዎም ትሕዝቶታት፣ ኣብ ማእኸሎም ኣገደድቲ ደውታታት ክፍጠር ይገብሩ። እቶም ነንበይንቶም ዝፅርሑን ውልቀ ትሕዝቶ ዝገልፁን ቃላት ኣብ ሓደ ሪጋ እንትወሃሃዱን እንትበሃሉን ብሓደ ትንፋስ ስለ ዘይጥመሩ ኣብ ማእኸሎም ኣገዳዲ ደውታ ይፈጥሩ። ብተመሳሳሊ፣ ቃላት ሰዋስዋዊ ኩነታት ንኽሳልጡ እንተዋደዱ ብሓደ ትንፋስ ዝበሃሉሎም ኩነታት ይፍጠሩ

እዮም። ካብዚ ዝተለዓለ፣ ገሊኦም ውህደት ቃላት ብሓደ ምስ ተነበቡ፣ ዝተወሰነ ደውታ ንኽፍፀር የገድዱ። ኣብቶም ትንፋስ ንኽንእክብ ዝገብሩ ደውታታት ድማ ሓረጋት ይርከቡ።

ለ. መቖፀልፀላይ ትኹረት ንምሃብ ዝፍጠር ደውታ

ዛዕባ ግጥሚ ውልቃዊነት ብዝተመልኦ ብልሓት ተዓደምቲ ክከታተሉዎ ይእንግድ እዩ። ዛዕባ ዝተገበረ ነገር ወይ ኩነት ዝፍለጠሎም ኣገላልፃታት ኣብ ተለላታት እንትዋደዱ ፍሉይ ትኹረት ክስሕቡ ዝድለዩሎም ኩነታት የጋጥሙ እዮም። ኣመፃፅኣ እቶም ልሙዳት ኣገላልፃታት እንትፍለይ ድማ ቀልቢ ዝስሕብ መቖፀልፀላይ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል።

እቶም ኣብ ሓደ ዛዕባ ዝፍለጥን ልሙድን ኣገላልፃ ብዝተፈለየ ኣገባብ ዘዋድዱ ቃላት ካብ ዝፍጠረሎም ኣቀማምጣ ዘቖፀልፀል ትኹረት ዘምፅእ ደውታ(ታት) ከተኣናግዱ ይኽእሉ። ኣብቶም ደውታ(ታት) ዝፍጠረሎም ኣጋጣሚታት ድማ እቶም ተለላታት ብሓረጋት ዝተዋደዱ ይገብሮም።

እዞም ብደውታታት እናተማእኸሉ ዝበሃሉ ቃላት፣ ኣብ ተለላታት ክፍጠር ዝድለይ ዘይተለመደ ኣገላልፃ ትኹረት ስለ ዝስሕቡ ነቲ ዛዕባ ከድምቑ ይኽእሉ። እዚ ብደውታታት ዝስነይ ኣካይዳ ንባብ ነቶም ኣገላልፃታት ብዝፈጥሩዎ ዘቖፀልፀል ትኹረት ነቲ ዘይተለመደ ኣገላልፃ ዘረዳድእ ይገብሩዎ።

ሐ. ፅልዋ ኣዘራርባ ብዝወስዶ እዋን ዝፍጠር ደውታ

ሰባት ኣብ ቃላዊ ምልልስ ሓድሓደ ግዘ ኣብ ቃላት ዝርከቡ ድምፂታት እናጐተቱ ከንውሑዎም ወይ እናጠመሩ ከሕፅሩዎም ይስምዑ እዮም። እዚ ብልሓት፣ ነቲ ኣብ ዝርርቦም ትኹረት ዝገበርሉ ኣገላልፃ ብምንዋሕ ወይ ብምሕፃር እቶም ድምፂታት ብዝፍጠር ደውታ(ታት) ከርእይ ይኽእል። እዚ ብልሓት ኣዘራርባ ድማ ኣብ ግጥሚ ዝርከብ ኣምሳለ ሰብ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።

ገሊኦም ግጥሚታት እንትዋደዱ፣ ነዞም ፅልዋ ኣዘራርባ ብዝወስዶ እዋን ዝፍጠሩ ደውታታት ከማእኽሉ ዝድለይሉ ኣጋጣሚ ይርከብ እዩ። በዚ መንገዲ ዝዋደዱ ግጥሚታት ዝሕዙዎም ቃላት እንትበሃሉ ኣቀራርባ እቲ ዝርርብ ብትኽክል ንምምምፃእ ዝተፈላለዩ ደውታታት ብምትእንጋድ ሓረጋት ይፍጠሩ።

መ. ኣብ ግጥሚ ዝዛረቡ ኣምሳለ ሰባት እንትፈላለዩ ዝርከብ ደውታ

ኣብ ግጥሚ ክልተን ካብኡ ንላዕልን ኣምሳለ ሰባት ዝዘራረብሉ ኣጋጣሚ ይርከብ እዩ። እቶም ኣምሳለ ሰባት በብግደ እንትዛረቡ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡ ይኽእሉ። ተዛራባይ ልሳንን ኣዘራርባን ካልኦት ቀዲሑ እናፀብፀበ ወይ ብኣንደበቱ ወይ ብድምፁ ከቕርብ እውን ይኽእል እዩ።

በዚ ብልሓት ዝቐርቡ ግጥሚታት እንትንበቡ ንሓደ ተዛራባይ፣ ብፍላይ ካብ ኣዘራርባኡ፣ ካብ ካልኦት ዝፈልይ ኣዋድዳ ክርከብ ትፅቢት ይግበር። ብመሰረት እዚ፣ እቶም ተዛረብቲ ብግደ ከም ዝዛረቡ ዘርእዩ ኣገደድቲ

ደውታታት ክፍጠሩ ኣለዎም። እዞም ደውታታት ድማ ኣብቶም ተለላታት ሓረጋት ንኽህልዉ ይገብሩ። ገጠምቲ፣ ንኣንበብቲ ንኽሕግዙ ኣብ ግጥሚታት ዝተፈላለዩ ተዛረብቲ ከም ዝርከቡ ንምሕባር ምልክታት ጥቕሲ ይጥቀሙ። እዞም ምልክታት ድማ ኣብ ተለላታት ዝህልዉ ሓረጋት ንምፍላይ ይጠቕሙ።

## ትንታነ መረዳእታ

### ሓረግ ዘይህሉዎም ግጥሚታት ትግርኛ

ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ፣ "ተለላ ግጥሚ ኣብ ሓደ፣ ክልተ ወይ ሰለስተ ሓረጋት ይምቀል" (ዳንኤል 1998) እናተብሃለ ብግምት ይንገር እዩ። እዚ ኣቐዲምካ ኣብ ቁፅሪ ሓረጋት ዝጠመተ ድምዳመ ምሃብ ግና ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ከም ዘረጋግፆ ግቡእ ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ ግጥሚ ዝርከቡ ተለላታት ሓረግ ዘይብሎም ክኾኑን ዝተፈላለየ በዝሒ ሓረጋት ክሕዙን ይኽእሉ እዮም። ኣብ ልምዲ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ሓረግ ዘይሕዙ ግጥሚታት ብዙሓት ይርከቡ እዮም። ካብቶም ሓረግ ዘይሕዙ ግጥሚታት መርኣያ ንክኾውን ነዚ "ሌላ" (ዳንኤል 1998) ዝብል ግጥሚ ኣብዚ ብምምፃእ መርትዖ ክንህብ።

**ሌላ**
ቆላሕ
ወቃሕ
ሰገጥ
ሕፍር
ፍርሒ
ስክፍ
ውልፍ
ትብዕ
ኣግንዕ
ፍሰህ
ዕርፍ
ሕልፍ።

ኣብዚ ግጥሚ፣ ሓደ ቃል ኣብ ሓደ መስመር ስለ ዝተወሃበ፣ ብሓደ ቃል ጥራሕ ዝተዋደዱ ተለላታት ይርከቡ። እቶም ሓደ ሓደ ኮይኖም ኣብቶም ተለላታት ዝተወሃቡ ቃላት፣ ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ እዮም። ነብሲወከፍ ተለላ ብሓደ ትንፋስ ምስ ተነበበ ድማ ናይ ባዕሉ ደውታ የተኣናግድ። እቲ ኣብ መወዳእታ እቶም ተለላታት ዝተረኸበ ደውታ ግና ብምኽንያት ምውዳእ ነብሲወከፍ ተለላ (መዓፀፍ-ተለላ) ዝተፈጠረ እዩ። ተለላታት ኣብ መዓፀፎም፣ ዝተወሰነ ፃንሒት ወይ ደውታ ክህሉው የገድዱ እዮም። እቲ ኣብ መዓፅፍ ተለላታት ዝርከብ ደውታ ድማ ኣንበብቲ ካብ መስመር ናብ መስመስር እንትንሰግር ዓይንና ዕረፍቲ ንኽረክብ ይሕግዝ።

ተለላታት እዚ ግጥሚ፣ ሓደ ሓደ ቃል ጥራሕ ብምሓዞም ኣብ ማእኸሎም ደውታ ብዘይህሉዎ ኣገባብ ስለ ዝንበቡ ሓረግ ዘይብሎም ይኾኑ። ተለላታት እንትንበቡ ኣብ ማእኸሎም ደውታ እንተዘይተፈጢሩ፣ እቶም ተለላታት ሓረግ ዝፈጥር ኣዋድዳ ኣይህሉዎምን። ብመሰረት እዚ፣ ነዚ ግጥሚ ኣብ ዘዋደዱ ዝተፈላለዩ ተለላታት ሓረግ ኣይተፈጠረን። ኣብዘም ተለላታት ሓረግ ኣይርከብን እንትበሃል ድማ ተለላ ምስ ሓረግ ማዕረ ከም ዘይኸውን ዘረጋግፅ መርትዖ ይኸውን። ውፅኢት እዚ ትንታነ ከም ዘረጋግፆ፣ ተለላታት ሓረጋት ኣይኾኑን፤ ሓረጋት እውን ተለላታት ኣይኾኑን።

እዚ ውፅኢት፣  ኣብ ስነ ግጥሚ ቋንቋ ትግርኛ፣ ኣብ ተለላታት ሓረግ ዘይፍጠረሎም ቅርፃዊ ኣዋድዳታት ከም ዝርከቡ መረጋገፂ ይኸውን። እቲ "ተለላ ግጥሚ ኣብ ሓደ ... ሓረጋት ይምቀል" ዝብል ብግምት ዝግለፅ ሓሳብ ድማ ብዛዕባ ሓረጋት ግጉይ ኣገላልፃ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ክፀሉው ኣይግበኦን።

**ሓረግ ዘለዎም ተለላታት**

ሓደ ግጥሚ ዘዋድዱ ተለላታት፣ ኣብ ውሽጦም ብኣገደድቲ ረቛሒታት ደውታታት እንትተኣናግዱን ናብ ሓረጋት እንትምቀሉን ዘርእይ ግጥሚ ኣብዚ ከም መርትዖ ክንህብ። ኣብቲ ከይዲ ድማ ኣብ ተለላታት ዝርከቡ በዝሒ ሓረጋት "ክንድዚ ... ክኸውን ኣለዎ" ብምብል ኣቐዲምካ ምውሳን ከም ዘይክኣል ተግባራዊ መርትዖ ከነቕርብ። ብመሰረት እዚ፣ ኣብ ሓደ ግጥሚ ዝርከቡ ተለላታት ነንበይንቶም በዝሒ ደውታታት እንተተኣናግዱ ዝተፈላለየ በዝሒ ሓረግ ከም ዝህሉዎም ዘርእይ "ባሕሪ" (ሙሉ 2001) ዝብል ግጥሚ ክንጥቀም፥

**ባሕሪ**

ውሽጢ ውሽጢ ምሒር ውሽጢ
ዘይርአ ዘይርከብ ከርና ዓብጢ
ሳባ ዝኸበቦ ዝዓበጦ ሳዕሪ
ከብዲ ሰብ ምርሓቑ ዘይሕመስ ባሕሪ።

ተለላታት እዚ ግጥሚ ኣብ ማእኸሎም ዘተኣናግዱዎም ደውታታት እንትፍተሹ ነቶም ሓረጋት ንምፍላይ ይሕግዝ። ነቶም ተለላታት እንትነንብቦምን ካብ ተለላ ናብ ተለላ እንትንሰግርን ኣብቶም ብኣገደድቲ ደውታታት ዝፍጠሩ ሓረጋት ኣፈላላያት ንረክብ። ኣብቶም ተለላታት ብእንረኽቦም በዝሒ ኣገደድቲ ደውታታት ኣቢሎም ዝፍጠሩ ሓረጋት ንምርግጋፅ ድማ በቲ ቀዳማይ ተለላ ክንጅምር። ኣብዚ ተለላ ዝፍጠሩ ደውታታት ዘምፅኡዎም ሓረጋት ከም መርትዖ ንክኾኑ ብኸምዚ ዝስዕብ ንርኣይ፥

ውሽጢ || ውሽጢ || ምሒር ውሽጢ

ነዚ ተለላ ካብዘም ዝተወሃቡ፣ ደውታ ዝተፈጠሩሉም ቦታታት፣ ኣመቻቒላ ሓረጋት ወፃኢ ብኻሊእ መንገዲ ከነንብቦ እንተፈቲንና ኣብ ዛዕባ እቲ ግጥሚ ክፍጠር ዝግበኦ ስምዒት ይፈርስን ዘይድለይ ዓይነት

ይኸውንን። ኣብዚ ተለላ ክፍጠር ዝድለይ ስምዒት ዕምቈትን ውሽጢነትን ዝገልፅ እዩ። እቲ ዕምቈትን ውሽጢነትን ድማ ብንፅፅር ክቐርብ ስለ ዝተደለየ፣ እንትነንብብ እቲ ቀዳማይ *ውሽጢ* ምስቲ ካልኣይ *ውሽጢ* እንትነፃፀር፣ ቀረባነት ንኸመልክት ከም ዝተወሃበ ንርዳእ። ካብዚ ተበጊስና ድማ ድምፀት፣ ኩነታት ኣዘራርባ እቲ ቃል ዝወስዶ ግዘ፣ እቲ ካልኣይ *ውሽጢ* ካብቲ ቀዳማይ ዝተወሰነ ንውሓት ወይ ፃንሒት ዝጠልብ ይኸውን። ኣብዚ እነስተውዕሎ፣ ምንዋሕ ነቲ ቃል ዝምስርቱ ድምፂታት እንትበሃሉ ብንፅፅር እንትረኣይ ካብቲ ቀዳማይ ቃል ፍልይ እንትብል ዕምቈት ከመልክት ይኽእል እዩ። ብኸምዚ እንትንቅፅል፣ እቲ ሳልሳይ ቃል ካብቶም ቀዳሞት ክልተ ኣዝዩ ዕምቈት ዘመልክት ክኸውን ትፅቢት ይግበር። በዚ ይመስል ድማ ገጣሚ ብኣሰት፣ ምእንቲ ኣብ ምባል እቶም ድምፂታት ንውሓት ከም ዝተፈጠረ ንኸመልክት፣ *ምሒር* ዝብል ቃል ኣብ ቅድሚኡ ዝወሰኸ። እዚ ንሳልሳይ ዝተወሃበ *ውሽጢ* ዝብል ቃል፣ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ናይ መወዳእታ ዕምቈትን ውሽጢነትን ዘርእይ ይኸውን። ነዚ ተለላ በዚ ኣገባብ እንትነንብቦ፣ ኣብቲ ግጥሚ ክፍጠር ዝድለይ ስምዒት ብዝግባእ ንኽንረኽቦ ይሕግዘና።

ነዚ ተለላ ብኻሊእ ኣገባብ፣ ከምቲ ቁፅሪ መሰረት ዝገብር ኣካይዳ ዝበልናዮ፣ ገይርና ክነንብቦ ንኽእል ኢና። በዚ ሓሳብ እንትንከይድ፣ ኣብቲ ተለላ ዘለዉ ቃላት ብምምዛን ኣብ ማእኸሎም ሓደ ደውታ ብምፍጣር ናብ ክልተ ሓረጋት መቒልና ከነድምፆም ንኽእል። ከምዚ እንትንገብር፣ *ውሽጢ ውሽጢ* ዝብል ገለፃ ቀዲምና ንፈጥር፤ ብድሕሪኡ ድማ *ምሒር ውሽጢ* ነስዕብ። ትኹረት እዚ ኣቀራርባ ኣብቶም በዚሒ ቃላት ከም ዝኾነ ክንዝክር ኣለና። እዘም ኣብ መንጎኦም ሓደ ደውታ ዝፈጠሩ ክልተ ሓረጋት ዝሕዙዎ መልእኽቲ እስቲ ንፈትሽ። እቶም ክልተ *ውሽጢ* ዝብሉ ቃላት ሓቢሮም ብብምፃእ፣ ከም ሓረግ ዝመስረቱ እንትንቆፅሮም፣ ብሓደ ትንፋስ እንትነድምፆም፣ *ሽሉኽሉኽ* ዝብል መልእኽቲ ይህሉዎም። እቶም ዝተረፉ ክልተ ቃላት ድማ ድሕሪ እቲ ደውታ ቀፂልና ብሓደ ትንፋስ እንትንብሎም *ጥልቀት* ዝሕብሩ ይኾኑ።

ነዚ ግጉይ ምኺኑ ንምርግጋፅ ዝተጠቐምናሉ ኣመቓቕላ ሓረግ ኣቢልና ብዝፈጠርናዮ ደውታ ዝመፅኡ ሓረጋት ባዕላዊ ዝምድና ፈጢሮም ዛዕባ ግጥሚ ክድግፉ ኣይኽእሉን። እዘም ሓረጋት ብዘይ ምድግጋፎም ድማ ኣብ ዛዕባ ግጥሚ ዝድምሩዎ ውፅኢት ኣይህሉዎምን። ነዚ ክብል ዝሕግዘና ድማ፣ ተለላታት ባዕላዊን ዓንዳዊን ዝምድና ስለ ዝህሉዎም እዩ። በዚ ኣገባብ እንትንፍትሾም እንበኣር፣ ነዚ ተለላ ካብ ዘዋቐሩ ቃላት ዝፍጠሩ ሓረጋት ሕድሕዶም *ሽሉኽሉኽ* ምባልን *ጥልቀትን* ብቐድም ሰዓብ ስለ ዘንፀባርቑ ኣይተደጋገፉን። ከም ዝፍለጥ፣ ሓደ ግጥሚ ከምቲ ዝድለዮ ዘረዳድእን ስምዒት ዘሳውርን ንነብሲወከፍ ተለላ ዘዋቕሩ ኣካላት ዘራኽቦም ሓበራዊ ምውህሃድን ዓንዳዊ ዝምድናን እንትህሉው እዩ። ካብዚ ሓሳብ ብምብጋስ እንበኣር፣ ኣብ ዝኾነ ተለላ ዝርከብ ኩነታት ኣዋድዳ ሓረግ እንተይኣረጋገፅና ቁፅሪ ጥራሕ መሰረት ዝገብር ኣመቓቕላ ክንፈጥር ኣይግበኣናን።

ተለላታት እዚ ግጥሚ ዝሕዙዎም በዝሒ ሓረጋት ምፍታሽ እንትንቅፅል ናብቲ ዝስዕብ፣ ካልኣይ ተለላ፣ ነምርሕ። በዚ ድማ፣ ኣብዚ ተለላ ዝህልዉ ሓረጋት ንምግምጋም ቀዲምና ነቲ ተለላ ኣብዚ ክነምፅኦ፣

ዘይርኦ || ዘይርከብ || ክርና ዓብጢ

ነዚ ተለላ በዚ ተመቒሉ ዝተወሃበሎም መንገድታት ተሓጊዝና ደውታታት እናፈጠርና እንትንብሎ፣ ክመፅእ ንዝግብኦ ግጥማዊ ስምዒት ኣብ ምንቋሕ ብቐሊሉ ንሕገዝ። ኣብዚ ተለላ ክመፅእ ዝተደለየ ነገር፣ ቀዲሙ ምስ ዝተለዓለ ሓሳብ ብዝሳነይ ኩነታት፣ ካብ ምሒር ውሽጢነት ዝተለዓለ፣ እቲ ተገላፂ ነገር ከም ዘይርኣን ከም ዘይርከብን ምጥንኻር እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ቀዲሙ እቲ ኣምሰለ ሰብ *ዘይርኣ* እንትብል፣ ኣብ ቀረባኡ ክርእዮ ወይ ኣማዕድዩ ክፈልዮ ዘይምኽኣሉ ከም ዘመልክት ንፈልይ። ነዚ ኣብ ቀረባ ይኹን ኣብ ርሑቕ ዘይረኣዮ ነገር ድማ *ዘይርከብ* ብምባል ከም ዝተሰወረ ወይ ከም ዝተሸፈነ ዓይነት ገይሩ እንትገልፆ ንሰምዕ። እዞም ክልተ ቃላት፣ *ዘይርኣን ዘይርከብን፣* ብዘተኣናግዱዎ ፅልዋ ትንፋሳዊ ገደብ ዝፍጠር ደውታ ተመሪሕና ነቲ ስምዒት ግጥማዊ ዛዕባ ወይ ትሕዝቶኣዊነት እንትንውስኽሉ ጠሚርና ወይ ጨፍሊቕና ብሓደ ትንፋስ ከም ሓደ ሓረግ ዝመስረቱ ገይርና ክንብሎም ወይ ክነውፅኦም ይኽልክሉ እዮም። ካብዚ ድማ፣ ነቶም ክልተ ቃላት ኣብ ማእኸሎም ደውታ ክፍጠር ብምግባር ክነንብቦም ስለ እንግደድ ናብ ሓረጋት ንመቕሎም።

እንትንቅፅል፣ *ክርና ዓብጢ* ዝብል ገለፃ ንረክብ። እዞም ክልተ ቃላት ግና ብሓደ ገይርና እነንብቦም ይኾኑ። እቲ ክረኣይ፣ ኢሉ እውን ክርከብ ዘይኽእል ነገር ብዕምቈት ዝቕመጠሉ ቦታ ዝተለዓለ ከም ዝተዓበጠ ንፈልጥ። ነቲ ኩነታት ምዕባጥ ድማ *ምሒር* ስለ ዝተወሰኾ ክርኣይ እውን ክርከብ እውን ዘይኽእል ምኳኑ ኣጠናኺሩ ዝገልፅ ይገብሮ። እዞም ክልተ ቃላት ግና ብሓደ እንትመፅኡ እንበር ነንበይንቶም እንትኾኑ ነቲ ዝተበሃለ ኣገላልፃ ክፈጥሩ ኣይኽእሉን። ካብዚ እንበኣር፣ እቲ *ክርና ዓብጢ* ዝብል ኣገላልፃ ብሓደ ትንፋስ ምውፃእ ስለ ዝክኣል ከም ሓረግ ይገበሮ። ነዚ ተለላ እንበኣር፣ ካብዞም ዝተወሃቡ ኣመቓቕላ ሓረጋት ብኻልኦት መንገዲታት ክንመቕሎ እንተፈቲንና ነቲ ዝተለዓለ ግጥማዊ ዛዕባ ዘይድግፍ ይገብሮ። ብመሰረት እዚ፣ ክልቲኦም ቃላት ሓደ ሓረግ ከም ዝመስረቱ በእታታት ወሲድና እነንብቦም ይገብሮም።

ነዚ ተለላ በዞም ዝተወሃቡ ትኽክለኛ ኣቀማምጣ እቶም ኣብ ውሽጢ ተለላታት ዝፍጠሩ ኣገደድቲ ደውታታት እንትመቓቕል ምስ በዝሒ ሓረጋት ቅድሚኡ ዝነበረ ተለላ ሓደ ዓይነት ይኸውን። እቲ ቀዳማይ ተለላ ኣብ ማእኸሉ ክልተ ደውታታት ኣተኣናጊዱ ሰለስተ ሓረጋት ዝሓዘ እንትኸውን፣ እዚ ካልአይ ድማ ብተመሳሳሊ ክልተ ደውታታት ኣተኣናጊዱ ሰለስተ ሓረጋት ዝሓዘ እዩ።

ዝጀመርናዮ ተፍትሽ ምፍላይ ኣብ ውሽጢ ተለላታት ዝርከቡ ደውታታት እንትንቅፅል፣ ነቲ ሳልሳይ ተለላ ብኸመይ ብዝሕዘም ደውታታት ናብ ሓረጋት ከም ዝመቓቐል ንርኣይ። ኣብ ፈተሻና ድማ ምስቶም ቀዲምና ብዘተኣናግዱዎም በዝሒ ደውታታት ኣመቓቕላ ሓረጋቶም ዝርኣይናዮም ተለላታት ዝህሉው ምምስሳልን ምፍልላይን ብምልዓል፣ ነቲ ሓሳብ ክጠናኸር ንግበር። እቲ ሳልሳይ ተለላ እዚ ዝቕፅል እዩ፡-

ሳባ ዝኸበቦ || ዝዓበጦ ሳዕሪ

እዚ ተለላ ዝተዋደደሎም ቃላት እንትነንብቦም፣ በቲ ዝተመልከተ ሓደ ደውታ ብምፍጣር እንትኸውን፣ ነቲ ግጥማዊ ዛዕባ ምስቶም ቀዲሞም ዝተወሃቡ ተለላታት ተሓጋጊዙ ኣብ ምንቋሕ እኹል ሓይሊ ይህሉዎ። ከምዚ ዘብለና ድማ፣ እቲ *ሳባ* ዝብል ቃል ምስቲ *ዝኸበቦ* እንትሓብር፣ ነቲ ተገላፂ ከም ዝኸወሉን ከይርአይ ከም ዝገበሩን ይነግር። እዞም ክልተ ቃላት ብዘይ ደውታ ንኽበሃሉ ዝገብሮም ድማ፣ ኣብቲ ተለላ ክፍጠር ዝተበሃገ መቁፀልፀላይ ትኹረት ብዝግባእ ንምፍጣር ስለ ዝሕግዝ እዩ። ብተመሳሳሊ፣ እቲ *ዝዓበጦ* ዝብል ምስቲ *ሳዕሪ* ሓቢሩ እንትመፅእ ነቲ ተገላፂ ከም ዝሸፈኑ፣ ከም ዝኸወሉን ከይርአይ ከም ዝገበሩን ንኽንፈልይ ይሕግዙ። እዞም ኣብዚ ተለላ ድሕሪ ሓደ ደውታ ኣኪብና እንብሎም ውህደት ቃላት፣ ኣብቲ ተለላ ኣድህቦ ክረክብ ዝተበሃገ መቑፀልፀላይ ውፅኢት ሓቢሮም ንኽፈጥሩዎ ይድለዩ። ካብዚ እንበኣር፣ ነቲ ኣብ ምሒር ውሽጢ ብምስፋሩን ብምዕባጡን ከም ዘይርአን ከም ዘይርከብን ዝተነገረና፣ ብሳባ ከም ዝተኸበበን ብሳዕሪ ከም ዝተዓበጠን ብትኹረት ከነቕልበሉ ይመርሑና። ካብዚ ተበጊስና፣ እዚ ሳልሳይ ተለላ ኣብ ማእኸሉ ሓደ ደውታ ስለ ዘተኣናግድ ክልተ ሓረጋት ዘለዉዎ ምውዳድ ይኸውን።

እዚ ሳልሳይ ተለላ ምስቶም ቀዲምና ዝፈተሸናዮም ተለላታት እንትነፃፀር ሓደ ደውታ ስለ ዘተኣናግድ ብዝሕዞም በዝሒ ሓረጋት ይፍለይ እዩ። ተለላታት ሓደን ክልተን ኣብ ማእኸሎም ክልተ ክልተ ደውታታት ስለ ዘተኣናገዱ፣ ሰለስተ ሰለስተ ሓረጋት እንትሕዙ፣ ተለላ ሰለስተ ግና ኣብ ማእኸሉ ንፅል ደውታ ጥራሕ ስለ ዘተኣናገደ፣ ክልተ ሓረጋት ይሕዝ። ግጥሚ ኪነታዊ ኣዋድዳ ብምዃኑ፣ ኣብ ኣናብባኡ ወይ ኣበሃህላኡ መበገሲ ዘይገብሩ ኣመቓቕላ ሓረጋት ብትኽክል ኣይገልፁዎን እዮም። ካብዚ እንበኣር፣ እቲ ተለላታት ዝሕዞም በዝሒ ሓረጋት ተቐዳዲምካ ኣብ ቁፅሪ ዝጠመተ ኣመቓቕላ ብምጥቃም ምውሳን፣ ብእማን ግጉይ ከም ዝነበረ በዚ መርትዖ ኣደጊፍና ከነመስክር ንኽእል።

ካብቲ ተፍትሽ እነካይደሉ ግጥሚ ዝሕዞም ኣርባዕተ ተለላታት፣ ሓደ ጥራሕ ስለ ዝተርፈና፣ ነቲ ተለላ ብኸመይ ኣብ ማእኸሉ ደውታታት ከም ዘተኣናግድ ብምግምጋም ናብ ሓረጋት ዝምቀለሎም ኩነታት ንፈትሽ። እቲ ተለላ እዚ ዝስዕብ እዩ፦

ከብዲ ሰብ ምርሓቑ || ዘይሕመስ ባሕሪ

ኣብዚ ተለላ ካብ ዝርከቡ ቃላት ድማ እቶም *ከብዲ ሰብ ምርሓቑ* ዝብሉ ክፈጥሩዎ ብዝድለይ ትኹረት ኣገላልፃ ብሓደ ትንፋስ ክንበቡ ይድለዩ። እዞም ጉጅለ ቃላት ብሓደ ትንፋስ እንትንበቡ ድማ ነቲ ተለላ ኣብ ማእኸሉ ደውታ ዘተኣናግድ ይገብሮ። ድሕሪ እቲ ሓረግ ዝፈጠረ ኣገዳዲ ደውታ ድማ እቶም *ዘይሕመስ ባሕሪ* ዝብሉ ቃላት ብሓደ ትንፋስ ክበሃሉ ይድለዩ። እዚ ራብዓይ ተለላ ኣብ ማእኸሉ ዘቑፀልፅል ትኹረት ንምፍጣር ሓደ ደውታ ጥራሕ ዘተኣናግድ ይገብሮ። እዚ ተለላ ኣብ ማእኸሉ ሓደ ደውታ ስለ ዘተኣናግድ ድማ ናብ ክልተ

ሓረጋት ይምቀል። እዚ ተለላ ክልተ ሓረጋት ስለ ዝሕዝ ምስቲ ቅድሚኡ ዝተወሃበ ተለላ ዝሕዞም በዝሒ ሓረጋት ሓደ ዓይነት እዩ።

ኣብ ተለላታት እዚ ግጥሚ ዝተኣናገዱ ደውታታት ብኸመይ ሓረጋት ከም ዝርከቡ ኣርእዮምና እዮም። ኣብ ተለላታት እዚ "ባሕሪ" ዝብል ግጥሚ ዝተወሃበ ትንታነ ከም ዘርእዮ፣ ኣብ ተለላታት ክፍጠሩ ዝኽእሉ ሓረጋት ኣብ ምርድዳእ ዝምስረት ስርዓት ከም ዝጠልቡ ዘረጋግፅ እዩ። እዚ ማለት፣ ኣብ ሓደ ተለላ ክርከቡ ዝኽእሉ በዝሒ ኣገደድቲ ደውታታትን በቶም ደውታታት ኣቢሎም ዝፍጠሩ በዝሒ ሓረጋትን ብሃውርዩ ምምልካት ኣይክኣልን።

**ዝተፈላለዩ ኣምሳለ ሰባት እንትርከቡ**

ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣምሳለ ሰብ ኣብ ዝሕዙ ግጥሚታት ዝርከቡ ተለላታት እንትንበቡ ብዝፍጠሩ ደውታታት ሓረጋት ይርከቡ እዮም። ኣብ ግጥሚታት ምልልስ ኣምሳለ ሰባት እንትህልዉ፣ ተዛረብቲ በብግደ ከም ዝዛረቡን ኣብቶም ተለላታት ደውታታት እንትፍጠሩን ንምርኣይ፣ ነዚ ኣዱራ (1999፣ 12) "በቃ ኣኺልዎ" ብምባል ዝፀሓፈቶ ግጥሚ ክንጥቀም።

**በቃ ኣኺልዎ**

ፅባቐኡ እንትብለን ጠሚተን "ቁሞቱ"
ፅንሕ ኢለን ድማ "ፍሩያት ኣዒንቱ"
ካሊእ ከ? እንትብለን "ኣዘራርብኡ"
በቃ ኣኺልዎ ሰብ መዐቀኒኡ።

ኣብዚ ግጥሚ ነብሲወከፍ ተዛረብቲ እንትንፈልየን፣ ብኸመይ ግደኣን እናተፀበያ ከም ዝዛረባ ክንግንዘብ ይሕግዘና። እዘን ኣምሳለ ሰባት ኣብ ተለላታት ግደኣን እንትቀያይራ ኣብ ዝፍጠሩ ደውታታት ድማ ኣብቶም ተለላታት ሓረጋት ይርከቡ።

ካብዚ ዝተለዓለ ድማ፣ ክልተ ጉጅለ ተዛረብቲ ከም ዘለዋ ንፈልይ - እትሓትትን ዝምልሳን። ኣብዚ ግጥሚ፥ ክልተ ጉጅለ ተዛረብቲ ምህላወን ንኽንፈልይ ካብ ዝሕግዙና፣ ኣብቲ ግጥሚ ዝተቐመጡ ምልክታት ጥቕሲ እኹላት እዮም። ምልክት ጥቕሲ ዘረባ ካልኦት ቃል ብቓል ንምስፋር ስለ ዝጠቅም፣ በዚ ምልክት ዝተወሃቡ ሓሳባት ናይ ካልኦት ከም ዝኾኑ ንርዳእ። በዚ ሓገዝ ድማ፣ ኣብቶም ተለላታት ደውታታት ዝፍጠሩሎም በታታት ብቐሊሉ ይፍለይ።

ኣብ ፈለማ፣ ሓንቲ ኣምሳለ ሰብ መብርሂ ንእትደልዮ ዛዕባ ናብተን ይምልሳ እትብለን ኣካላት ብመልክዕ ሕቶ እንትትቕርበለን ንሰምዕ። እዛ ሓታቲት ዝረኸበቶ መብርሂ እንታይ ምዃኑን ብኸመይ ከም ዝተወሃበን

ዘድሀበ ኣቀራርባ ድማ ኣብዚ ግጥሚ ይርከብ። ነዞም ተለላታት እንትነንብቦም ድማ ብዘተኣናግዱዎም ደውታታት ናብ ሓረጋት እንትንመቕሎም ስዒቦም ብዝወሃቡ መንገዲታት ይኸውን፡-

ፅባቐኡ || እንትብለን || ጠሚተን || "ቁመቱ"

ፅንሕ || ኢለን ድማ || "ፍሩያት ኣዒንቱ"

ካልእ ከ? || እንትብለን || "ኣዘራርብኡ"

በቃ || ኣኺልዎ || ሰብ መዐቀኒኡ።

ተለላታት እዚ ግጥሚ በዞም ዝተመልከቱ ደውታታት ተሓጊዝና እንትነብቦም ኣብቲ ግጥሚ እንረኽባ ተዛራቢት ነቶም ዘረባታት እተቕርበሎም ብልሓት ክንፈጥር ይሕግዘና። ብተወሳኺ፣ ነታ ተዛራቢት፣ ካብ ኩነታት ኣዘራርባኣ፣ ኣብቶም እትነግረና ሓሳባት ዝህሉዋ ኣመለኻኽታ እንታይ ከም ዝመስል ክንግንዘብ ንኽእል። ካብዞም ዝተመቓቐሉ መንገዲታት ወፃኢ ግና ነቶም ተለላታት ናብ ሓረጋት ክንመቕሎም እንትንፍትን ኣብ ከይዲ ኣናብባና፣ ነቲ ግጥማዊ ስምዒት ብግቡእ ንምፍጣርን ነቲ ዛዕባ ንምርዳእን የፀግም እዩ።

## ትንፋሳዊ ገደብ ዝፈጥሮ ደውታ

ተለላታት ዘዋድዱ ቃላት እንትነንብቦም ዘጋጥሙ ገደባት ዝፈጥሩዎ ደውታ ብዓይነት ቃላት ይፅለው እዩ። ቃላት ብረብሓታት ወይ ብዘመክቱዎም ዓቕሚታት መበገሲ ብምግባር ትሕዝቶኣዊነት ዝገልፁን ሰዋስዋዊነት ዘሳልጡን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይውገኑ። ቃላት ተለላታት ንምውዳድ እንትወሃሃዱ ዝህሉዉ ትንፋሳዊ ገደባት ዝፈጥሩዎ ደውታ ነንበይኑ ይግበሩ።

ትሕዝቶኣዊነት ዘመልክቱ ቃላት ኣብ ሓደ ሪጋ እንትዋደዱ ብዓቕሚ ምግላፅ ትሕዝቶታት ዝተለዓለ፣ ኣብ ማእኸሎም ኣገደድቲ ደውታታት ዝፈጥሩሎም ኩነታት ብዙሓት እዮም። እቶም ነንበይንቶም ዝፅርሑን ውልቀ ትሕዝቶታት ዝገልፁን ቃላት ተወሃሂዶም ኣብ ሪጋ እንትመፅኡን እንትበሃሉን ብሓደ ስለ ዘይንጠምሮም ኣብ ማእኸሎም ደውታታት ክህሉው ዘገድዱ ሓረጋት ይርከቡ። ብተመሳሳሊ፣ ቃላት ስዋስዋዊነት ከሳልጡ እንትወሃቡ ኣዋድዳኦም ብሓንቲ ትንፋስ ዘይነውፅኦሎም ኩነታት ይፍጠሩ እዮም። ካብዚ ዝተለዓለ፣ ዝተወሰኑ ውህደት ቃላት ብሓደ ምስ በልናዮም፣ ዝተወሰነ ደውታ ክንፈጥር የገድዱና። ኣብቶም ትንፋስ ክንእክብ ዝገብሩና ደውታታት ድማ ሓረጋት ይርከቡ።

ኣብ ተለላታት ዝወሃቡ ቃላት እንትነበቡ ብኸመይ ኣብ ግጥሚ ትንፋሳዊ ገደብ ብዝፈጥሩዎ ደውታ ሓረግ ከም ዘምፅእ ንምፍታሽ፣ ነዚ "እንትትጎድል ሓንቲ" ዝብል ገብረሚካኤል (2004፣ 37) ዝፀሓፎ ግጥሚ ከም ኣብነት ወሲድና ንፈትሽ፡-

**እንትትጎድል ሓንቲ**

ከርፈስ ሸንኮፍ ዕርፊ ምራን ከርፈስ ድጉሪ
ነዊት ኣርዑት ምራን ብሓባር ክዕሪ
ቀራቕሮ ጭጉራፍ ማሕረሻ ቅትርቲ
ስኒት ውሁድ ኩሎም ኣብ ሓደ ሰመርቲ
ብእርይ ብቁፅሪ ሕርሻዊ ናውቲ
ትርጉም ኣልቦ'ዮም እንትትጎድል ሓንቲ

ኣብዚ ግጥሚ ካብ ዝተወሃቡ ዝተፈላለዩ ቃላት፣ ብፍላይ እቶም ቅድሚት ዝተዋደዱ፣ ኩሎም ትሕዝቶኣዊነት ዘመልክቱ እዮም። እዚ ማለት፣ እቶም ቃላት ዝፆሩዎም ውልቃዊነት ዝጠልቡ ትሕዝቶታት ከም ዝርከቡ የመልክት። ብኻሊእ ገፅ፣ ሙብዛሕትኦም እቶም ቃላት ስዋስዋዊነት ከጠናኽሩ ኣይመፅኡን። እግረ መንገድና፣ ቃላት ስዋስዋዊነት የሳልጡ እንትበሃሉ፣ ዘመልክቱዎ ትሕዝቶ ከም ዘይብሎም ይፍለጡ። ቃላት ስዋስዋዊነት የስምሩ እንትበሃሉ፣ እቶም ቃላት ኣብ ኣዋድዳ ምሉእ ሓሳባት ዘርእዩዎ ጥቕሚ ከም ዝህሉው ይነግር። ኣብዚ ግጥሚ እቶም ትሕዝቶኣዊነት ዘመልክቱ ቃላት እንትደጋገሙ ክንፈልዮም ዝግባእ ንፁራት ትሕዝቶታት ከም ዝህልዉ ክንሓስብ ይገብረና።

እዚ ግጥሚ ነቶም ትሕዝቶኣዊነት ዘርእዩ (ከምዚኦም ዝበሉ ቃላት፣ ዓበይቲ ወገን ቃላት እውን ይበሃሉ እዮም) ሒዙ ከም ዝተዋደደ ብቐሊሉ ነቶም ቃላት ብምርኣይ ጥራሕ ይፍለይ እዩ። እዞም ቃላት ኣብ ሓደ ረጊጎም እንትመፅኡን ክንብሎም እንትንደልይን፣ ሓደ ካብቲ ካሊእ ክፍለይ ስለ ዝጠልቡ፣ ኣብ ማእኸሎም ኣገደድቲ ትንፋሳዊ ገደባት ዘምፅኡዎም ደውታታት ይፍጥሩ። በዚ ምኽንያት፣ ሓደ ቃል ካብቲ ካሊእ ብኣገዳዲ ደውታ እንትንፈልዮ ኣብቲ ተለላ ሓረጋት ይፍጠሩ።

ዘልዐልናዮ ሓሳብ ክጠናኸር፣ ነቲ ቀዳማይ ተለላ ከም መርአዪ ገይርና ንጠቐም። ነዚ ተለላ ዘዋቐሩ ቃላት *ከፈስ ሸንኮፍ ዕርፊ ምራን ከርፈስ ድጉሪ* እዮም። ነዞም ቃላት ኣብቲ ረጊጎም ዝተወሃቡሉ መስመር እንትነንብቦም ነንበይንቶም ስለ ዝፅርሑን ውልቀ ትሕዝቶታት ስለ ዘመልክቱን እናጠርነፍና ክንብሎም ኣይንኽእልን። ምኽንያቱ፣ ነብሲወከፍ ቃል ባዕላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ቁስ እዩ ዝሰምይ። ነዚ ተለላ እንትነንብቦ ነዞም ስዒቦም ዝተወሃቡ ትንፋሳዊ ገደባት ብዝፈጥሩዎም ደውታታት የተኣናግድ።

ከርፈስ || ሸንኮፍ || ዕርፊ || ምራን ከርፈስ || ድጉሪ

ኣብዚ ገምጋም ነዞም ኣርባዕተ ትንፋሳዊ ገደባት ዝፈጥሩዎም ደውታታት ዘተኣናገደ ተለላ ኣብ ሓሙሽተ ሓረጋት ይምስረት። እቶም ኣርባዕተ ሓረጋት ካብ ሓደ ሓደ ቃል ይምስረቱ። ነብሲወከፍ ንፅል ቃል ትሕዝቶኣዊነት ስለ ዘመልክት ሓረግ ይምስርት። ኣብቲ ተፍትሽ ግና ነቶም *ምራን ከርፈስ* ዝብሉ ቃላት ከም ሓረግ ገይርና ዘቐመጥናዮም፣ ክልቲኦም ብሓባር ንፅል ትሕዝቶ ስለ ዝውክሉ እዩ። እዚ ማለት፣ እቶም ቃላት ብሓባር ሓደ ቁስ ከም ዝፀርሑ የረድእ።

ካብ ኩነታት ኣናብባ እዚ ተለላ፣ ዘዕባ ግጥሚ እንተይ ኣፍረስና ብዝግባእ ክንብሎ፣ ካብቶም ትንፋሳዊ ገደባት ዝፈጥሩዎም ደውታታት ዘምፅኡዎም ሓረጋት ወፃኢ ካልኦት መንገዲታት እንተተጠቐምና እቲ ዝድለይ መልእኽቲ ኣይፍጠርን። ምኽንያቱ ኣብቲ ተለላ ዝርከቡ ቃላት በቶም ዝተወሃቡ ሜላታት እንተዘይተፈልዮም ነብሲወከፍ ዝተሰየመ ቁስ ንምንፃርን ንምፍላይን ኣይሕግዙን።

ኣብ ሓደ ግጥሚ ዝርከቡ ተለላታት ሓረግ ዝምስርቱን ዘይምስርቱን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቶም ሓረግ ዝምስርቱ ተለላታት ሓደ ግጥሚ እውን ብዝምስርቱዎም በዝሒ ሓረጋት ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም። እቲ “ተለላ ግጥሚ ኣብ ሓደ፣ ክልተ ወይ ሰለስተ ሓረጋት ይምቀል” ዝብል ግጉይ ኣገላልፃ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ፀላዊ ክኸውን ኣይግበኦን።

**መደምደምታ**

ግጥሚታት ብተለላታት ስለ ዝዋደዱ ተለላታት ግጥማዊ ፅሑፋት ካብ ሌጣዊ ፅሑፋት ዝፈልዩ ወሰንቲ ባእታታት እዮም። ኣብ ተለላታት ዝወሃቡ ኣዋቐርቲ ባእታታት ድማ ዝወሃቡሎም ኣገባባት ነቶም ግጥሚታት ዝንበቡሎም ኩነታት ይውስኑ እዮም።

እዚ መፅናዕቲ፣ ኣብ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ግጥማዊ ሓረግ ዝዋደደሎም ኣገባባትን ዝህቦም ረብሓታትን እንታይ ከም ዝመስል ገምጊሙ እዩ። ሓረግ ብሓደ ትንፋስ ዝንበቡ ድምፂታት ስለ ዝምስርቱዎ ኣብ ስነ ግጥሚ ኩነታት ኣናብባ ግጥሚታት ዝመርሕ ባእታ እዩ። እዚ ባእታ፣ ኣብ ሓደ ግጥሚ ካብ ተለላ ናብ ተለላ ዝዋደደሎም ኣገባባት ክፈላለይ ይኽእል እዩ። ነብሲወከፍ ግጥሚ ባዕሉ ዝኽኣለ ዝንበብ (ዝበሃል) ኪነታዊ ኣዋድዳ ብምኳኑ ንውልቁ ዝኸውን ኣገባብ ኣናብባ ይጠልብ። ሓረግ፣ ነዚ ጠለብ ኣብ ምፍጣር ንኣንበብቲ ነቶም ብሓደ ትንፋስ ክብሉዎም ዝግባእ ድምፂታት ኣብ ምፍላይ ዝመርሕን ዝሕግዝን ባእታ እዩ።

ሓረግ ኣብ ተለላ ክርከብ እንተኾይኑ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ተለላ ብሓደ ደውታ ዝንበቡ ምውዳዳት ንኽፍጠር ዘገድድ መዋቕር ክህሉው ይግባእ። ኣብ ውሽጢ ተለላ ደውታ ንኽፍጠር ዘገድድ መዋቕር እንተዘይሃልዩ ግና እቲ ተለላ ባዕሉ ብሓደ ትንፋስ ስለ ዝንበብ ናብ ሓረጋት ዘይምቀል ይኸውን። እዚ ድማ ተለላን ሓረግን ማዕረ ከም ዘይኮኑ ዘረጋግፅ መርትዖ እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ኣብ ልምዲ ስነ ግጥሚ ትግርኛ ኣብ ተለላታት ሓደ ሓረግ ኣይርከብን። ኣብ ተለላ ሓደ ሓረግ ኣይርከብን ዝበሃል ሓረግ ኣብ ውሽጢ ተለላ ዝፍጠር እንበር ንተለላ ዝትክእ ባእታ ስለ ዘይኮነ እዩ።

ብኻሊእ ገፅ፣ ሓደ ተለላ ዘዋደዱ ቃላት እንትንበቡ ኣብ ማእኸሎም ደውታ(ታት) ንኽፍጠር ዘገድዱ መዋቕራት እንትርከቡ እቲ ተለላ ናብ ሓረጋት ክምቀል ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ተለላታት ደውታ ክፍጠር ዝገብሩ ብኣቀራርባ ግጥማዊ ዘዕባ ዝፈላለዩ ፍሉጣት ረቛሒታት ኣለዉ። እቶም ረቛሒታት ድማ ምስ ትግባረ ንባብ ተለላታት ግጥሚ ዝተሓሓዙ ኮይኖም ገደብ ትንፋስ ዝፈጥሮ ደውታ፣ ዘቑፅልፅል ትኹረት ዝፈጥሮ ደውታ፣ ፅልዋ ኣዘራርባ ብዝወስዶ እዋን ዝፈጥሮ ደውታን ዝዘረቡ ኣምሳለ ሰባት እንትፈላለዩ

ዝፈጥሮ ደውታን እዮም። እዘም ረቛሒታት ድማ ሓረጋት ብሃበ ተረኸበ ወይ ብኣጋጣሚ ከም ዘይፍጠሩ የረጋግፁ። በዝሒ እቶም ኣገደድቲ ደውታታት ድማ ቁፅሪ ዝፍጠሩ ሓረጋት ይውስኑ።

ተለላታት፣ ሓረግ ዘለዎምን ዘይብሎምን ኮይኖም ክዋደዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ትምህርቲን መፅናዕቲን ስነ ግጥሚ ትግርኛ ብዛዕባ ሓረጋት ሓፈሻዊ ተገይሩ ዝወሃብ ዝነበረ ድምዳመ ግና ግጉይ ከም ዝነበረ ተፈልዩ እዩ። ኣብ ግጥሚታት ክርከቡ ዝኽእሉ ሓረጋት ንምፍላይ ዝሕግዙ ረቛሒታት ኣለዉ። ኣንባቢ ነዘም ረቛሒታት ብምጥቃም ኣብ ግጥሚ ዝርከቡ ሓረጋት ክፈልይ ይኽእል።

**ፍልፍል መፃሕፍቲ**

ሙሉ ሃይለስላሰ። (2001)። *ኣትራኖስ* መድብል ግጥምታት ትግርኛ። (በታን ቤት ሕትመትን ዘይተቐመጠሉ)።

ብርሃኑ ገበየሁ። (1999)። *የአማርኛ ስነግጥም።* አዲስ አበባ፣ አልፋ አታሚዎች።

ኣዴራ ተስፋይን ፍረወይኒ ገብረሂወትን። (1999)። *ዓለ መንገዲ* መድብል ግጥምታት ትግርኛ። መቐለ፣ ቤት ሕትመት ሜጋ።

ዳንኤል ተኸሉ። (1997)። *ንብዓት ጸምሆይ* መድብል ግጥምታት። ኣዲስ ኣበባ፣ ብርሃንና ሰላም።

______ ። (1998)። *ቅድን ትንተናን ስነግጥሚ ትግርኛ።* መቐለ፣ ኢንተርፕራይዝ ሕትመት ሜጋ።

ገብረሚካኤል ኪዱ። (2004)። *ገዝሚ መድብለ ግጥምታት ትግርኛ።* (በታ ሕትመት ዘይተጠቐሰ)፣ ላይፍ ታይም ሕትመት።

Bugeja, Michael. (1994). *The Art and Craft of Poetry*. Ohio; Writer's Digest.

Brogan, T.V.F. and Hart, H. (2012). "*Caesura*." In Preminger, Alex. et al. (Ed.). *The Princeton Encyclopedia of Poetry and Poetics*. Fourth Edition. Princeton; Princeton University Press. Pages 95-97.

Fabb, Nigel and Morris Halle. (2008). *Meter in Poetry: A New Theory*. Cambridge; Cambridge University Press.

Kennedy, X. J. and Dana Gioia. (2006). *Backpack Literature: An Introduction to Fiction, Poetry and Drama.* New York; Pearson.

Lennard, John. (2005). *The Poetry Handbook*. 2nd Ed. Oxford; Oxford University Press.

Longenbach, James. (2008). *The Art of the Poetic Line*. Minnesota; Graywolf Press.

Mock, Jeff. (1998). *You Can Write Poetry*. Ohio; Writer's Digest Books.

Perrine, Laurence. [(1973) (2002)]. *Sound and Sense: An Introduction to Poetry*. 4th Ed. New York; Harourt Brace Jovanovich.

Preminger, Alex. et al. (1993). *The New Princeton Encyclopedia of Poetry and Poetics*. Princeton; Princeton University Press.

Timpane, John and Watts, Maureen**.** (2001). *Poetry for Dummies*. Indiana; Wiley Publishing.

Wallace, Robert and Boisseau, Michelle. (2000). *Writing Poems*. 5th Ed. New York; Longman.

Williams, Rhian. (2013). *The Poetry Toolkit: The Essential Guide to Studying Poetry.* 2nd Edition. London; Bloomsbury.

Wolosky, Shira. (2001). *The Art of Poetry: How to Read a Poem*. Oxford; Oxford University Press.